TIGRINJA

# ሕጊ ስነ-ምግባር ናይ ቀይሕ መስቀል ሽወደን



Svenska Röda Korset

**Översättningen till tigrinja är genomförd i enlighet med Riksstämmans beslut från 2021**

# ሕጊ ስነ-ምግባር ናይ ቀይሕ መስቀል ሽወደን

## ስፍሓትን ኣተገባብራን ናይቲ ሕጊ ስነ-ምግባር

እቲ ናይ ስነ-ምግባር ሕጊ ንዓኻ ብእምነት ዝተመረጽካ፡ ቍጽሩር ሰራሕተኛ፡ ወኪል፡ ወለንተኛ፡ ተለማማዲ ስራሕ፡ ተምሃራይ፡ ኣማኻሪ ብኽፍሊት ወይ ንቀይሕ መስቀል ሽወደን ኣብ ሽወደንን ወይ ኣብ ወጻኢ ሃገርን ካልእ ዕማም ዝወሰድካ ይምልከተካ እዩ። እዚ ሕጊ ስነ-ምግባር ኣብተን ካብ ሽወደን ንላዕሊ ሕጊ ፍቑድ ዝኾነለን ሃገራት እውን ብምልኡ የገልግል እዩ።

ነቲ ሕጊ ስነ-ምግባር ተጠንቂቕካ ከተንብቦን ተረዲኡካ ክትጥቀመሉን ኣለካ። ነቶም መሰረታዊ ስርዓታትናን ሕግታትናን ክትፈልጦም፡ ክትርድኦምን ከተኽብሮምን፡ ከምኡ'ውን ኣብ ውሽጢ እቶም ዝተፈላለዩ ንጥፈታት ዘገልግሉ ፖሊሲታትን መምርሒታትን ጽቡቕ ሓበሬታ ክህልወካ ናትካ ሓላፍነት እዩ። ነቶም ትረኽቦም ሰባት ኲሉ ግዜ ቅኑዕ ጠባይ ብምርኣይ እምንቶ፡ ተኣማንነትን ምኽብባርን ንምፍጣር ተበርክት። ከም ኣባል ቀይሕ መስቀል መጠን ጽቡቕ ናይ ምትሕግጋዝ ሃውህው ንምፍጣር ሓባራዊ ሓላፍነት ኣለካ። ኲሎም ተግባራዊ ዝኾኑ ሕግታት ክትክተልን፡ ንቀይሕ መስቀል፡ ወኪላቱ ወይ ምሳና ዝሰርሕ ሳልሳይ ኣካል ክጎድእ ዝኽእል ነገር ክትገብር የብልካን።

ኣቦ-መንበር፡ ሓልፍትን መራሕቲ ወለንተኛታትን ብኣብነት ክመርሑ ኣለዎም። ብዛዕባ ስነ-ምግባር ሕቶታት ምስ ዝህልወካ ወይ ጥሕሰታት ክትሕብር ምስ እትደሊ፡ ኣብ ዝኾነ ግዜ ክትረኽቦም ትኽእል ኢኻ።

## 12 ነጥብታት ናይቲ ሕጊ ስነ-ምግባር

**1. ኣብቲ እትሰርሓሉ ንጥፈት ንዘለዉ ዝተወሰኑ መምርሒታት፡ ውዕላትን ልሙዳት ኣሰራርሓን ምፍላጥን ምስዓብን**

ኣብቲ ዕማምካ ዝጠልቦ ግዴታዊ ትምህርቲ ከም ብኢንተርነት ዝወሃብ ትምህርቲ፡ ፍልጠት ቀይሕ መስቀልን ሕጊ ስነ-ምግባርን ክትሳተፍ ግዴታን ሓላፍነትን ኣለካ።

**2. ንኹሉ ሰብ ብኣኽብሮትን ብኽብርን ሓዞ**

ቀይሕ መስቀል ንኹሉ ዓይነት ኣድልዎ፡ ምስርጣይን ጾታዊ ምሽጋርን ፈጺሙ ኣይጸወሮን እዩ። እዚ፡ ንኹሎም ሰባት ብኣኽብሮት ክትሕዞምን ብሰንኪ ብሄር ወይ ማሕበራዊ ድሕረ-ባይታ፡ ጾታ፡ ስግረ ጾታዊ መንነት ወይ ጾታዊ መግለጺ፡ ዕድመ፡ ሃይማኖት፡ ወይ ካልእ እምነት፡ ጾታዊ ዝንባሌ፡ ስንክልና፡ ቋንቋ ወይ ፖለቲካዊ ርእይቶ ንውልቀ ሰብ ይኹን ጉጅለ ብኣሉታ ብፍሉይ ክትሕዞም፡ ከተሰራጥዮም ወይ ኣብ ልዕሊኦም ኣድልዎ ክትገብር የብልካን ማለት እዩ።

**3. ምሕላው ውልቃዊ ክብሪ**

ምስ ካልኦት ዘለካ ኣቀራርባ ኲሉ ግዜ ኣብ ምኽባር ውልቃዊ ክብሮም፡ ባህሎምን ኣነባብራኦምን መሰረት ዝገበረ ክኸውን ኣለዎ። ምስቶም ንሓደጋ ይኹን ካልእ ሕማቕ ነገራት ተቓሊዖም ዝርከቡ ሰባት ኣብ እትራኸበሉ እዋን እዚ ብፍሉይ ኣገዳሲ እዩ።

**4. ኲሉ ዓይነት ጾታዊ መጥቃዕትን ዕድጊ ጾታዊ ኣገልግሎት ክልኩል እዩ**

ከም ኣባል ቀይሕ መስቀል መጠን ካብ ጾታዊ ምዝመዛ ብንጥፈት ክትርሕቕ ኣለካ። ብፍላይ ኣብ ቈልዑን ምስ ጾታዊ ምዝመዛ እተተሓሓዘ ሓደጋታትን ኣቓልቦ ምግባር ኣገዳሲ እዩ። ከም ኣባል ቀይሕ መስቀል መጠን ንሰባት ኣብ እትድግፈሉ እዋን፡ ምስኦም ጾታዊ ርክባት ክትገብር ወይ ብኻልእ መንገዲ ጾታዊ ዕላማ ሒዝካ ክትዋሳእ ይፍቀደካን እዩ።

ንኣባላት ቀይሕ መስቀል ተክኒካዊ መሳርሒታት ናይ ቀይሕ መስቀል ተጠቂምም ፖርኖግራፍያዊ ስእሊ ወይ ጽሑፈት ዘለዎ ናይ ኢንተርኔት ገጻት ክትድህስሱ፡ፖርኖግራፍያዊ ስእሊ ወይ ጽሑፈት ክዝርግሑን ጾታዊ ኣገልግሎት ክዕድጉን ክልኩል እዩ።

## 5. ጸጋታት ብግቡእ ምምሕዳር

ቍጠባዊ ሃብቲ ቀይሕ መስቀል ካልእ ገዲፍካ ካብ ኣባላት፡ ህዝቢ፡ ለገስቲ፡ ካብ መንግስትን ኮሙንን ከምኡ’ውን ካብ ናይ መንግስታዊ ትምህርትን ምርምርን ገንዘብ እዩ ዝመጽእ። ነቲ ናይ ቀይሕ መስቀል ጸጋታት ማለት ውልቃዊ፡ ቍጠባዊን ንዋታውን፡ ብሓላፍነታዊ ኣገባብን ንዝተሓስበሉ ዕላማን ክትጥቀመሉ ኣለካ። ኣብ ስራሕ ውሳኔታት ክትውስን ከለኻ እቲ ወጻኢታት ምኽኑይ ድዩ ኣይኮነን ክትግምግም ኣለካ። ኵሎም ብቀይሕ መስቀል ዝቐረቡልካ መሳርሒታት ድሕሪ ምዝዛም ዕማም ክምለሱ ኣለዎም።

## 6. ነቲ ዘለካ ናይ እምንቶ ስልጣን ብዘይግቡእ ኣይትጠቀመሉ

ዕማም ቀይሕ መስቀል ኣብ ዝህልወካ እዋን ምስ ኣባኻ ጽግዕተኛ ዝኾኑ ወይ ከምኡ ኮይኑ ዝስምዖም ሰባት ክትራኸብ ትኽእል ኢኻ። ኣብ ስልጣንካ ተመርኲስካ ብምስትውዓልን ኵሉ ግዜ እምነት ብዘሕድር ኣገባብን ክትዋሳእ ይሓትት። ስልጣንካ ተጠቂምካ ንገዛእ ርእስኻ ይኹን ንኻልኦት ዘይግቡእ ረብሓ ምሃብ እውን ኣይፍቀድን እዩ።

## 7. ንኹሉ ዓይነት ምትላልን ብልሽውናን ተቓለስ

ኣብ ምትላልን ብልሽውናን ክትሳተፍ የብልካን። ብልሽውና፡ ስልጣንካ ተጠቂምካ ንናይ ገዛእ ርእስኻ ወይ ካልእ ሰብ ረብሓ ዘይግቡእ መኽሰብ ምርካብ ማለት እዩ። ንኣብነት ንኽገብረልካን ክተገብረሉን ኢልካ ንውልቀ ሰባት ይኹን ጉጅለታት ብመልክዕ ገንዘብ፡ ህያባት፡ ጾታዊ ኣገልግሎታት ወይ ካልኦት ጥቕምታት ጉቦ ክትህብ ወይ ክትቕበል ኣይፍቀደካን እዩ። እቲ ወሀብ ህያብ ጥቕሚ ንምርካብ ዕላማ እኳ እንተ ዘይሃለዎ፡ ከም ጉቦ ጌርካ ክቑጸር ይኽእል እዩ።

ኮይኑ እውን ሰባት ወይ ጉጅለታት ብመልክዕ ብዕምባባታት ቾኮሌት ወይ ብካልእ ናይ መዘከርታ ህያባት ሞሳኦም ከርእዩኻ እንተደልዮም፡ እቲ ዋጋ ብመሰረት ሕጊ ግብሪ ሸወደን ናይ ግብሪ ሓላፍነት ዘየሰክም ሒደት ክኸውን ኣለዎ።

## 8. ኣብ ስራሕ ካብ ኣልኮላዊ መስተን ድሮጋን ናጻ ኹን

ቀይሕ መስቀል ኣብ ስራሕ ካብ ኣልኮላዊ መስተን ድሮጋን ናጻ ምዃን ይጠልብ። ኣብ ድግሳት፡ ድራራት ወይ ንቐይሕ መስቀል ኣብ ምውካል ብናይ ቀይሕ መስቀል ገንዘብ ኣልኮላዊ መስተ ክትጋብዝ ጨሪሹ ኣይፍቀደካን እዩ። ሓደ እዚ ሕጊ ዘይምልከቶ ክከነት ኣሎ፡ እዚ ድማ ኣብ ሸወደን ወይ ኣብ ወጻኢ ሃገር ምስ ኣህጉራውያን ኣጋይሽ ኣብ ዝግበር ድራር ኣጋጣሚ እዩ። ኣብ ከምዚ ኵነት እቲ ውክልና ብናይ ቀይሕ መስቀል ኣቦ-መንበር፡ ናይ ቀረባ ሓላፊ ወይ መራሒ ወለንተኛታት ኣቐዲሙ ዝተፈቕደ ምስ ዝኸውን፡ መጠኑ ዝሓለወ ኣልኮላዊ መስተ (ቢራን ነቢትን) ክስተ ይፍቀድ እዩ።

ቢራን ነቢትን ኣካል ናይቲ ማሕበራዊ ርክብ ዝኾነሉ እዋን ኣሎ፡ እዚ ድማ ንኣብነት ምስ ኣኼባታት፡ ትምህርትታትን ናብ ወጻኢ ሃገር ዝግበር መገሻታትን ዝተተሓሓዘ ድራር እዩ። ኣብ ከምዚ ኩነት ኣልኮላዊ መስተ ባዕልኻ ክትዕድግ ትኽእል ኢኻ፡ ከም ኣባል ናይ ቀይሕ መስቀል ግን መጠኑ ዝሓለወ ክኸውን ትጽቢት ይገብረልካ። ብሓልዮት ማሕበር መንእሰያት ቀይሕ መስቀል ዝዳሎ ኣኼባታት ብመሰረት ብማእከልነት ዝወሰንዎ ውሳኔታት ካብ ኣልኮላዊ መስተ ናጻ ክከውን ኣለዎ።

ምስ ማኪና ምዝዋር ብእተተሓሓዘ ኣልኮላዊ መስተ ምስታይ፡ ከምኡ’ውን ኣብ ኵሉ ኵነታት ዋላ ኣብተን ካብ ሸወደን ንላዕሊ ሕገን ዘፍቅደሉ ሃገራት እውን ድሮጋ ምሓዝን ምጥቃምን ክልኩል እዩ።

## 9. ጸረ ናይ ቀይሕ መስቀል ንጥፈታት፡ ሕግታትን መሰረታዊ ስርዓታትን ኣይትስራሕ

ቀይሕ መስቀል ዘይሻረኛን ገለልተኛን ማሕበር እዩ፡ እዚ ግን ከም ኣባል ቀይሕ መስቀል መጠን ምስ ፖለቲካዊ፡ ሃይማኖታዊ ወይ ዘይመንግስታዊ ትካል ምትእስሳር ንኽህልወካ ኣይዓግተካን እዩ። ይኹን’ምበር ንናይ ቀይሕ መስቀል ንጥፈታት፡ ሕግታትን መሰረታዊ ስርዓታትን ብቐጥታ ምስ ዝቃወማ ማሕበራትን ምትእኽኻባትን ንጡፍ ክትከውን የብልካን። ንስኻ ንባዕልኻ ምስ ሕግታት ወይ ምስ መሰረታዊ ስርዓታት ናይ ቀይሕ መስቀል ዘይሰማማዕ ነገር እንተ ተዋሲእካ፡ ክትግለል ወይ ክትእገድ ትኽእል ኢኻ። ኣብነት ናይዚ ብቓል ወይ ጽሑፍ ትህቦ ርእይቶ፡ ምፍርራሕ ባህርያትን ወይ ጽሑፍን ክኸውን ይኽእል።

ነቲ ናይ ድሕንነት ኣርማታት ናይ ቀይሕ መስቀል፡ ቀያሕ ወርሕን ቀይሕ ክሪስታልን ኣኽብር። ብመሰረት እዋናዊ ደንብታት ጥራይ ተጠቀመሎም። ዝኾነ ዘይግቡእ ኣጠቓቕማ ምስ ዘጋጥም፡ ሓብር።

## 10. ንሓበሬታ ብስትረትን ብጽቡቕ ምምዝዛንን ሓዞ

ኣብ እዋን ስራሕ፡ መጽናዕትን ምዝዛም ዕማምን፡ ከም ኣባል ቀይሕ መስቀል መጠን ንሓደ ውልቀ ሰብ ንዝምልከት ምስጢራዊ ሓበሬታ ምሉእ ብምሉእ ብስትረት ክትሕዞ ኣለካ።
ከም ውልቂ ሰብ መጠን ብዛዕባ ዝተፈላለየ ጉዳያት ዘለኻ ርእይቶ ብናጻ ክትገልጽ መሰል ኣለካ። ይኹን'ምበር ከም ወኪል ናይ ቀይሕ መስቀል መጠን ካብ ሓላፍነትካ ወጻኢ ኣብ ዝኾኑ ጉዳያት ምስ መራኸቢ ብዙሃን ክትዛረብ ኣይፍቀደካን እዩ። እዚ ንኣብነት ናይ ውልቂ ብሎግ ኣብ ትጽሕፈሉ፡ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት ወይ ካልእ መራከቢታት ክትዝክሮ ኣገዳሲ እዩ።

ከም ኣቦ መንበር ከባቢ መጠን ንስኻ ወይ ንስኻ ከም ኣፈኛ ዝረቋሕካዮ ሰብ ንናይ ገዛእ ርእሱ ከባቢ ክውክል ይኽእል እዩ። ምስ ንጥፈታት ቀይሕ መስቀል ብሃገር ወይ ኣህጉር ደርጃ ንዝምልከት ጉዳያት ግን፡ ምስቲ መን ክዛረብ ከም ዘለዎ ዝውስን ሓላፊ ፕረስ ቀይሕ መስቀል ሽወደን ርክብ ክትገብር ኣለካ።

ኣቦ መንበርን ዋና ጸሓፍን ወግዓውያን ኣፈኛ ቀይሕ መስቀል ሽወደን ክኾኑ ከለዉ፡ ርእሰ መምህራን ድማ ናይ ዩኒቨርሲቲ ኣፈኛ እዩ። ንሶም ኣብ መወዳእታ ኣብ እዋናዊ ጉዳያት መን ከም ዝዛረብ ይውስኑ።

## 11. ናይ ቀይሕ መስቀል መምርሒታት ድሕንነት ተኸተል

ብዛዕባ ናይ ድሕንነትን ምድሳው ቅልውላውን ዝምልከት መምርሒታትን ትእዛዛትን ሓበሬታ ክትረክብን ክትከታተልን ግዴታ ኣለካ። ከምኡ'ውን ኣቦ መንበር፡ ዋና ጸሓፊ፡ ኣቦ መንበር ከባቢ፡ መማህራን ናይ ዩኒቨርሲቲ ወይ ኣብ ነፍስ ወከፍ ህጹጽ ኩነታት ሓላፍነት ዘለዎ ሓላፊ ንዝወሰንዎ መምርሒታት ክትስዕብ ግዴታ ኣለካ። ንኻልኦት ንሓደጋ ከተቃልዖም ከም ዘይብልካ እውን ዘክር።

ብናይ ቀይሕ መስቀል ዕማም ናብ ወጻኢ ሃገር ክትገይሽ ከለኻ፡ ብዛዕባ ኣብታ እትበጽሓላ ሃገር ወይ ዞባ ዘሎ ናይ ጸጥታ ኩነታት ሓበሬታ ክትረክብ፡ ብዛዕብኡ ዝተመደበ ትምህርቲ ክትወስድን ዝተመደበ መምርሒታት ክትክተልን ኣለካ።

## 12. ንዘላቒ ምዕባለ ምስራሕ

ናይ ደቂ ሰባት ስቓይ ኣብ ምክልኻልን ምቅላልን ከም ኣካል ናይ ዕማምና ምኳኑ መጠን፡ ኣብ ኲሉ ስራሕናን ንጥፈታትናን ንዘላቒ ምዕባለ ሓላፍነት ኣለና።
ኢኮሎጅያዊ፡ ማሕበራውን ቍጠባውን ዘላቕነት ማለት፡ ቀይሕ መስቀል ብኣብነት ይመርሕ ማለት እዩ። ናይ ቀይሕ መስቀል ጻዕሪ ጽልዋ ኣከባቢ ንምንካይን ሓደ ብዛዕባ ክሊማ ንቕሓት ዘለዎ ማሕበርን ምኳን እዩ። ንነብስና ከም ሓደ ንነዊሕ መጻኢ ውሑስ ማሕበረ ሰብኣዊ ምዕባለ ኣበርክቶ ክገብር ዝኽእል ተዋሳኢ ገርና ኢና ንርእያ። ጸጋታትና ጽቡቕ ጌርና ብምምሕዳር ቍጠባዊ ሓላፍነት ንወስድ።

# ሕጊ ስነ-ምግባር ኣብ ዝጠሓ ሰሉ እዋን

ነቲ ናይ ምክትታል ኮድ ክንስዕቦ፡ ከቢድ ምዝንባላት ኣብ ዘጋጥመሉ እዋን ግን ክንኩንኖን ምስ ዘድሊ ክንሕብርን ናይ ሓባር ሓላፍነት ኣለና።

## ብመሰረት ንቡር ናይ ሓበሬታን ጸብጻብን መስመራት ምሕባር

ቀይሕ መስቀል ምእንቲ ኣብ ንጥፈታትን ናይ ስራሕ ቦታን ዘጋጥሙ ጌጋታትን ጉድለታትን ክእረሙ፡ ከምኡ ብምግባር ድማ ብቐጻሊ ክምዕብል፡ ነቶም ጌጋታትን ጉድለታት ዝለዓልሉን ክሕበርሉን ዝኽእሉ ሓደ ክፉትን ዕድል ዝህብን ባህሊ ክህሉ ይጽዕር። ሓደ ዘይሕጋዊ ወይ ዘይሕጋዊ እዩ ኢልካ ዝጠርጠርካዮ ነገር ወይ ምስ ናይ ቀይሕ መስቀል ሕጊ ስነ-ምግባር ወይ ካልኦት ውሽጣውያን ሕግታት ዝጻረር ነገር ምስ እትርኢ፡ ብዛዕብኡ ክትሕብር ኣለካ። ብቐዳምነት ምስ ናትካ መራሒ ወለንተኛታት፡ ኣቦ መንበር፡ ሓላፊ፡ መምህር ወይ ርእሰ መምህራን ክትራኸብ ኣለካ። ነቲ ዝፈልጥዎ ጉዳያት ንምፍታሕ ግቡእ ስጉምትታት ክወስዱ ግዴታ ኣለዎም። ንሕጊ ስነ-ምግባር ዘይተኸተለ ሰብ ምስ ባህሪ ናይቲ በደል ዝመጣጠን መቕጻዕቲ ክወሃቦ እዩ። ኩሉ ገበናዊ ወይ ጥርጡር ገበናዊ ንጥፈታት ናብ ፖሊስ ክሕበር እዩ።

ንወለንተኛታትን ብእምነት ዝተመርጹን ወይ ናይ ከባቢ ሰራሕተኛታት ዝምልከት ጉዳያት፡ ናብ መራሒ ወለንተኛታት ወይ ናይ ከባቢ ኣቦ መንበር ክሕበር ኣለዎ። ሽማግለታት ከባቢ ነቲ ጉዳይ ክሕዝዎ እዮም። ንኣቦ መንበር ከባቢ ዝምልከት ጉዳያት፡ ብመንገዲ ኮሚተ ምክትታል ናብ ኣቦ መንበር ዞባዊ ቤት ምኽሪ ወይ ናብ ሽማግለ ቀይሕ መስቀል ሸወደን ክሕበር ኣለዎ።

ብቐሊሉ ክፍትሑ ዘይክእሉ ጉዳያት ናብ ቤት ምኽሪ ዞባ ኣብ መወዳእታ ድማ ናብ ሽማግለ ቀይሕ መስቀል ሸወደን ክመሓላለፉ ይኽእሉ እዮም።

ንሰራሕተኛታት ዝምልከት ጉዳያት ንዝምልከቶ ሓላፊ ክሕበር ኣለዎ። እቲ ሓላፊ ነቲ ጉዳይ ክሕዞን ምስ ዘድሊ ድማ ካብ ክፍሊ ሰባውቲ (HR) ሓገዝ ክረክብ ኣለዎ። ማሕበር ሰራሕተኛታት ነቲ ሰራሕተኛ ክሕግዞ ይኽእል እዩ። ሰራሕተኛ እንተ ኼንካን ሓላፊኻ ኣብቲ ክትሕብሮ ትደሊ ዘለኻ ጉዳይ ኢድ ዘለዎ ኾይኑ ወይ ንጉዳይካ ብዝተኣማምን ኣገባብ ዘይሓዞ ኾይኑ፡ ናብ ልዕሊኡ ዘሎ ሓላፊ ወይ ናቱ ሓላፊ ክትሕብር ኣለካ። ንምኽርን ሓገዝን ምስ ክፍሊ ሰባውቲ (HR) እውን ክትራኸብ ትኽእል ኢኻ።

ብዛዕባ ገለ ጉዳይ ክሕብሩ ዝደልዩ ተምሃሮ ዩኒቨርሲቲ ቀይሕ መስቀል፡ ብቐዳምነት ንመምህሮም ክሕብሩ ኣለዎም። እቲ መምህር ኣብቲ ጉዳይ ኢድ ምስ ዝህልዎ፡ እቲ ምሕባር ናብ ርእሰ መምህራን መጽናዕቲ ክግበር ኣለዎ። እቲ መምህር ወይ እቲ ርእሰ መምህራን መጽናዕቲ ኣብቲ ጉዳይ ኢድ ምስ ዝህልዎም ወይ እቲ ጉዳይ ብዘተኣማምን ኣገባብ ምስ ዘይተሓዝ፡ እቲ ምሕባር ናብ ርእሰ መምህራን ክግበር ኣለዎ።

ጉዳያት ብልዑል ጽኑዕነት ይተሓዙ፡ ዝተረኽበ ሓበሬታ ድማ ነቲ ጉዳይ ኣብ ምሓዝ ክሳተፉ ንዘለዎም ወይ ክሳተፉ ዘድልዩ ሰባት ጥራይ እዩ ዝሕበር።

## ምልክታ ናይ ተጸናጸኒ (visselblåsare) ጉዳይ

እቲ ሕጊ ተጸናጸኒ (visselblåsarlagen) ተባሂሉ ዝጽዋዕ (ሕጊ (2021:890) ብዛዕባ ምክልኻል ንዘይቅኑዕ ኣሰራርሓ ዝሕብሩ ሰባት)፡ ብዛዕባ ሓደ ንክቃላዕ ህዝባዊ ረብሓ ዘለዎ ሓደ ምስ ስራሕ ዝተተሓሓዘ ሓበሬታ ናይ ዘይቅኑዕ ኣሰራርሓ ኩነታት ዝሕበረሉ እዋን ዝምልከት እዩ። እዚኦም ንኣብነት ንኽእረሙ ወይ ከቋርጹ ሕብረተ ሰብኣዊ ጥቕሚ ዘለዎም ብተደጋጋምን ኣገባብ ዝተኸተሉን ዘይቅኑዕ ኣሰራርሓ ዝምልከት ክኾኑ ይኽእሉ እዮም።

ብመሰረት ሕጊ ተጸናጻኒ (visselblåsarlagen)፡ ንስኻ ከቢድ ዘይኑዕ ኣሰራርሓ ኣሎ ኢልካ ኣብ ትጥርጥረሉ እዋን፡ ብመንገዲ ምጽንጻን (visselblåsning) ተባሂሉ ዝጽዋዕ ብዛዕብኡ ክትሕብር ዕድል ክወሃበካ ኣለዎ። ኣብ ቀይሕ መስቀል እዚ ብመንገዲ ናይ ቀይሕ ምስቀል ናይ ምጽንጻን ኣገልግሎት ይትግበር። ነዚ ኣገልግሎት ብመሰረት ኣብ ላዕሊ ዝተጠቐሰ፡ ብዝኾነ ምኽንያት ነቲ ንቡር ናይ መሓበሪ ወይ ጸብጻብ መውሃቢ መንገድታት ክትጥቀመሉ ኣብ ዘይትደልየሉ ወይ ዘይትኽእለሉ እዋን እውን ክትጥቀመሉ ትኽእል ኢኻ።

## ኣገልግሎት ምጽንጻን

ኣብ ቀይሕ መስቀል ሽወደን፡ ከባቢታት፡ ዩኒቨርሲቲ ቀይሕ መስቀልን፡ ከምኡ'ውን ማሕበር መንእሰያት ቀይሕ መስቀልን ዝሓቖፈ ሓደ ጉጅለ ኣገልግሎት ምጽንጻን ኣሎ። እዚኦም ብሓባር ጉጅለ ኣገልግሎት ምጽንጻን ተባሂሎም ይጽውዑ።

እቲ ናይ ምጽንጻን ኣገልግሎት ብሓደ ናይ ደገ ወገን ዝኾነ ናይ ኦዲት ትካል PwC ዝመሓደር ኮይኑ፡ እቲ ተጸናጻኒ ስሙ ከይግለጽ ንምርግጋጽን እቲ ጉዳያት ናብ ጉጅለ ኣገልግሎት ምጽንጻን ከምዝበጽሑን ከምዝተኸታተልዎን ንምርግጋጽ እዩ።

እቲ ኣገልግሎት ምጽንጻን ሓደ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ዝተሞርኮሰ ናይ መሓበሪ መስመር ዝሓዘ ኮይኑ፡ እቲ ዝሕብር ሰብ ብጽሑፍን ብቓልን ክሕብር ከምኡ'ውን ብኣካል ርክብ ንምግባር ቆጸራ ንምሓዝ ዘኽእሎ እዩ። ተግባር ምጽንጻን ነቲ ብዛዕባ ዘይቅኑዕ ኣሰራርሓ ንናይ ቀረባ ሓላፊኻ ወይ ናቱ ሓላፊ ምሕባር ክትክኦ ዘይኮነስ ከም መመላእታ ናቶም ክርኣ ኣለዎ።

ምሕባር ኣብቲ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ዝተሞርኮሰ ናይ ምሕባር መስመር ክግበር ይከኣል እዩ። ነዚ ኣብ ናይ ነፍስ ወከፍ ማሕበር ኣብ ዘሎ ናይ ደገ መርበብ ሓበሬታ/ኢንትራኔት ኣብ ትሕቲ ምንንጻን (Visselblåsning) ዝብል ኣርእስቲ ዘሎ መልግቦ ጌርካ ትኣትዎ ።

ንስኻ ብዛዕባ እቲ ጉዳይ እትሕብር፡ እቲ ምልክታ ከም ዝበጽሓን ብኸመይ ክተሓዝ ምዃኑን ዘረጋግጽ ምላሽ-ሓበሬታ ክወሃበካ እዩ። ብመሰረት ህሉው ሕጊ ምላሽ-ሓበሬታ ንሓባሪ ሰብ ከምኡ'ውን ምስሓው ዝኣተወ ጉዳያት ይፍጸም። ቀይሕ መስቀል ጸገማት ጐሊሖም ወጺኦም ክፍትሑ ከም ዝደሊ ብምፍላጥ ተኣማሚንካ ከተመልክት ትኽእል ኢኻ።

PwC ዓመታዊ ንዝምልከቶ ሽማግለ ቀይሕ መስቀል ሽወደን፡ ዩኒቨርሲቲ ቀይሕ መስቀልን ማሕበር መንእሰያት ቀይሕ መስቀልን ከምኡ'ውን ንነፍስ ወከፍ ጉጅለ ኣገልግሎት ምጽንጻን ብዛዕባ ዝኣተወ ብዝሒ ጉዳያትን ብዛዕባ ኮነታቱን ኣብ መስርሕ ምምርማር ዘሎ ጉዳያትን ሓበሬታ ዝሓዘ ጸብጻብ ንነፍስ ወከፍ ማሕበር ክህብ ኣለዎ።

Foto framsida: Marie Sparréus. Original: Heed & Heed AB | Mars 2023. Översättning: Semantix (Texten har korrekturlästs av rödakorsare, för att säkerställa "rödakorstermer")